***ዘገልገሉ ዝምቍሖላ፡ ዘውደልደሉ ዝሽየሙላ ሃገር!***

ኣብ ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ፡ ኣገልግሎት ቋንቋ ዓፋር፡ እቲ እንኰ ካብ ቅትለትን ምሕያርን ድሒኑ ዝጸንሐ ምኩር ጋዜጠኛ መሓመድ እድሪስ ማሓሞዳ ዝሓለፈ ሰሙን ብኣባላት ጸጥታ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣቲዩ'ሎ። እቶም ነዛ ናይዚ ገባቲ ስርዓት ናይ ፕሮፖጋንዳ መጋበርያ ዝኾነት ትካል ዜና ኣሚኖም ዘገልግልዋ ጋዜጠኛታት፡ ኣብ ምሕቃቕ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ቀጸላታታ በጺሓ ከም ዘላ'ውን ካብ ውሽጢ ሃገር ዝበጽሓና ሓበሬታ የመልክት። ጋዜጠኛ መሓመድ እድሪስ ከኣ፡ ካብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ክሳብ ዕለተ-ማእሰርቱ ኣብ መደብ ቋንቋ ዓፋር ከገልግል ዝጸንሐ ገዲም ጋዜጠኛ እዩ።

ጋዜጠኛ መሓመድ እድሪስ ብመሳርሕቱን ተኸታተልቱን ኣዝዩ ሕዉስን ብመሳርሕቱ ፍቱውን ከምዝነበረ ብቐረባ ዝፈልጥዎ ሰባት ይምስክሩሉ።

ምስ ምእሳር ጋዜጠኛ መሓመድ እድሪስ ኣተሓሒዝና ድማ፡ ንኣፍልጦ ንኽሕግዝ ሓጺር ታሪኽ ድምጺ ሓፋሽ መደብ ቋንቋ ዓፋር (ERTIRIYAH UMMATTA DHONGOLO) ቀጺልና ክነቕርበልኩም።

ድምጺ ሓፋሽ መደብ ቋንቋ ዓፋር ደድሕሪ ምጅማር ፈነወ ብቋንቋታት ዓረብኛን ትግርኛን፡ ብ16 ለካቲት 1979 ዝጀመረ'ዩ። እቶም ንምጅማር ፈነወ ብቛንቛ ዓፋር ምኽንያት ዝኾኑ ቀንዲ ክልተ ረቛሒታት ድማ እዞም ዝስዕቡ'ዮም፤

1. ቋንቋ ዓፋር ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ካብ ዘለዉ ቋንቋታት እቲ ሓደን ቀንድን እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ብመንገዲ እዚ ቋንቋ ኣቢልካ፡ ኩነታት ምዕባለ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ምሃብ ኣድላይነቱ ቀሊል ኣይነበረን።
2. ተዛረብቲ ቋንቋ ዓፋር ኣብ ሰለስተ ሃገራትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ስትራተጂካዊ ክፍሊ ማያት ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ከባቢ መጻብቦ ባብ-ኤልመንደብ ብምህላዉ፡ እቶም ተዛረብቲ ህዝቢ ድማ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ሸነኽ ተዘርግሖም ስለዝርከቡ፡ ከም ዓቢ ሜላ ወይ ሸሪሒ ዝተሓሰበ ከኣ፡ ዓፋር ኤርትራ ማእከል ስሕብት ኣብ ካልኦት ሃገራት ንዝርከቡ ዓፋር ንኽትከውን ግዴታ ነይሩ።

ብሓጺር ኣገላልጻ፡ "ዓፋር ኤርትራ ብ'ጎቦ ዓይኖም' ንኢትጵያን ጀቡቲን ከይጥምቱ" ዝብል ሓሳብ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። እዚ ሓሳብ ካብ ቍዱስ ሕልና ሰለዘይተበገስ ግን እንሆ ሎሚ ከም ኩሎም ኤርትራውያን ዜጋታት፡ ዓፋር ኤርትራ'ውን መሬት ዓደብኦም ሕቘኦም ሂቦሞ፡ ናብተን "ብጎቦ ዓይኖም ከይጥምትወን!" ዝበሃላ ዝነበራ ሃገራት ይስደዱ ኣለዉ። እቲ ኣብ ሃገሮም ዝተሓረሞም ክብረት ድማ፡ ኣብተን ሃገራት ከም ቀዳማይ ዜጋ መሰሎም ተኸቢርሎም ይነብሩ ከም ዘለዉ ጸብጻብት ይሕብሩ ኣለዉ።

ግደ ሓቂ፡ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ፕሮግራም ቋንቋ ዓፋር፡ ኣብ ሰለስተ ሃገራት ካብ ይፍነዋ ካብ ዝነበራ ሬድዮታት፡ ብትሕዝቶ መደባታን ብብቕዓት ኣቕርቦታን ጸብለልታ ከም ዝነበራ ዝከሓድ ኣይኮነን።

እዚ ኹሉ ስምን ዝናን ተቐባልነትን ኣብ ተኸታተልታን ሰማዕታን ዘይነጽፍ ታሪኽን ቅርስን ዝገደፈት ሬድዮ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ መደብ ቋንቋ ዓፋር ግን ድሃያ ካብ ዝጠፍአ ዓመታት ኣቚጺሩ'ሎ። ነዚ ኣመልኪቶም፡ ናይ ከባቢና ናይ ፖለቲካ ተንተንቲ፡ ከም ዋዛ ኣምሲሎም፡ ከምዚ ዝስዕብ ክብሉ ይስምዑ፤

"ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ መደብ ዓፋር ኣብ ማእከል ባሕሪ ዝተደርበየት ሉል ወይ መርከብ ታይታኒክ ገይርኩም ቁጸሩዋ!" ይብሉ። ብሓቂ ግን፡ ኣብ ባሕሪ ዝተደረበየ ቀለበት ወይ ዝሰጠመት መርከብ ጥራሕ ዘይኮነትስ ከም ዘይነበረት ኣብ ምግባራ'ውን ለይትን መዓልትን ይጸዓር ኣሎ - ብስርዓት ህግደፍ።

እዛ ካብ ትምስረት ልዕሊ 40 ዓመት ኣቚጺራ ዘላ ሬድዮ፡ ኣብ ድሮ ናጽነትን ዝስዓቡ ዓመታትን፡ ትጽቢታት ተኸታተልታን ሰማዕታን፡ ብተወሰኺ ህዝብታት ጎሮባብቲ ሃገራትን ፈላሚ መደብ ቲቪ ክትጅምር ዝነበረ ባህግን ድሌትን እዚ ኢልካ ክትገልጾ የጸግም እዩ።

ብኣንጻሩ፡ እዛ ሬድዮ ኣብ ታሪኻ ኲናትን ወረ ኲናት ኣብ ዝነበረሉ እዋን ልዕሊ ካልኦት ቋንቋታት ፉሉይ ኣቓልቦን ኣድህቦን ይውሃባ ምንባሩ ብወገን ኲሉ ዝፈልጦ ሓቂ'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ብዶባት ኣሳቢቡ ኲናት ኣብ ልዕሊ ጎሮባብቲ ኣብ ዝተጸምደሉ ግዜያት ራድዮ ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ መደብ ቋንቋ ዓፋር ንመዓልቲ ንልዕሊ ኣርባዕቲ ሰዓትታት ሽፈነ ትህብ ምንባራ እኹል መርትዖ እዩ።

እነሆ ሎሚ፡ ካብ ንመዓልቲ ፍርቂ-ሰዓት ንፈውሲ ማሕላ'ኳ መደብ ቋንቋ ዓፋር የለን ንኸይበሃል ተባህሉ ጥራይ ዝተዋህበ ዘሎ ይመስል። እዛ ፍርቂ-ሰዓት ድማ ዲክታተር ኢሳይያስ ኣትዩ፡ ወጺኡ ዝብል ዜናን ምንባብን ኣሰልቻዊ ሓተታን ተቐርብ ኣላ። ብሓጺሩ ንህዝቢ ማእከል ዝገብረ መደብ ብገርሂ ኣይቀርብን እዩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ናይ ማሕበራዊ መራኸቢ ዓፈና ካብ ልሙድ ንላዕሊ እንዳገደደ እዩ ዝኸይድ ዘሎ።

ብደረጃ ሃገር እተመሓደር ራድዮ ከም ቃሕታ ውልቃውያን ሓለፍቲ ስሩዕ መደባት ክመዛበል ክትርእይ ከለኻ፡ ሰርዓት ህግደፍ ቅድሚን ሎምን፡ ንድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ መደብ ዓፋር ኣብ ሓቀኛን ስትራተጂካውን ሃገራዊ ኣተሓስስባን ዘንቀሎ ስነ-ሓሳብ ከም ዘይነበረ፡ እዚ ንርእዮ ዘለና ህያው ምስክር ተግባራት ህግድፍ እዩ ክንብል ንደፍር።

ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ መደብ ቋንቋ ዓፋር፡ ካብ እግሪ ተኸሊ ታተ ኣቢሎም ዘሳለዩዋን ክሳብ ዝላዓለ ደረጃ ክትበጽሕ ኲሉ ዝከኣሎም፡ ክሳብ ሂወቶም ንዘበርከቱ ተራ ተጋደልትን ምሁራትን፡ ፍሉጣት ሰባትን ሓለፍትን ካድረታትን ሎሚ ኣበይ ኣለዉ፤ ብገባቲ ስርዓት ህግደፍ ነዞም ጋዜጠኛታት ፍረ ጻዕሮም ተፈሊጡሎም ናይ ሞጎስን ክብረን ቦታ ሂብዎም'ዶ፤ ይኸውን ዝብል ሓሳብ ኣብ ነብሲ ወከፍ ሰብ ቅጅል ዝብል ግን ከኣ ዘይሕሰብ ሕልሚ ኢዩ።

ኣብ ስርዓት ህግደፍ ዘወደኽደኽን ዘረባ ዘባጻጸሐን ሰብ ጥራይ እዩ ናይ ሂወቱ ውሕስነትን ዕብየት ኣብ ስራሕን ዝረክብ። እዚ ድማ ናይ ኣደባባይ ምስጥር እዩ። ካብዚ ቀጺልና ድማ ብወገን ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ኣካይዳታት ካድረታትን ብስውርን ግሁድን ዝተፈጸሙ ምቕታልን ንነውሕ ዓመታት ካብ ስርሖም ምድስካልን ወይ ድማ ምስ ግድምነኦምን ደረጃ ትምህርቶም ዘይመጣጠን ምምዳብን ምጥራዝን ሕጂ ድማ ምጭዋይ . . . ወዘተ ክንጠቅስ ክንፍትን ኢና።

1. ዓብዳላ ዓብዱልራሕማን፣ ደረጃ ትምህርቱ 12+4 ብሞያ ጋዜጠኛነት ካብ University of Cairo ኣብ 70ታት ዝተመረቐ ኾይኑ፡ ድሕሪ ምምራቑ ድማ ኣብ ካይሮ ብሞያኡ ተቘጺሩ ሰላማዊ ናብራ ይመርሕ ነይሩ። ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ መደብ ቋንቋ ዓፋር ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብ ሕጽረት ኣጋጢሙዋ ኣሎ ምስ ሰመዐ፡ ዓብደላ ከይሓደረ ከይወዓለ፡ ሃገራዊ ግብኡ ንኸበርክት ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተጸንበሩ። ዓብደላ ምስ ብጾቱ ኣበርቲዑ ብምስራሕ መደብ ቋንቋ ዓፋር ኣብ ዘባ ቀረኒ ኣፍሪቃ ብፍላይ ኣብ ተኸታተልታ ፉሉይ ጦብላሕታ ንኽትሕድር ዝገበረ ብቑዕ ጋዜጠኛ ምንባሩ ኣበርክቶኡ ዝምስክረሉ ሓቂ እዩ። ጋዜጠኛ ዓብደላ ዓብዱራሕማን ሁቡብን ፉቱውን ብምንባሩ ንመደብ ቋንቋ ዓፋር ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ንምብጻሕ ዘለዎ ሕልሚ ተግባራዊ ንምግባር ቀጻሊ ግርጭት ምስ ሓለፍቱ የጋጥሞ ከምዝነበረ ብቐረባ ዝፈልጥዎ ኣዕሩኽቱ ይምስክሩ። ብተግባራቱ ዘይተሓጉሱ ሓለፍቲ ህግደፍ ንጋዜጠኛ ዓብደላ ብመኪና ብምግጫው ዝሞተ መሲልዎም ኣብ ከባቢ ገዛውቱ ደርብዮሞ ከይዶም እዮም።

ብዝኾነ፡ ጋዜጠኛ ዓብዳላ ዓብዱራሕማን ትንፋሱ ስለዘይሓለፈት ኣብ ሆስፒታል ሕክምንዊ ሓገዝ ረኺቡ እንደገና ኣለኹ ኢሉ'ዩ። ንህይወቱ ንምድሓን ንዝለዓለ ሕክምናዊ ኣግልግሎት ንኽረክብ ንወጻኢ ንኽሰዱዎ ንሚ/ዜናን ቤት ጽሕፈት ዲክታተርን ሓገዝ ተሓቲቱ ግን ዝተዋህበ ኣወንታዊ መልሲ ኣይነበረን። ካብ መንግስቲ ተስፋ ዝቖረጹ መቕርቡን ኣዕሩኽቱን ብናቶም ወጻኢታት ንሱዕዲ-ዓረብ ኣሓኪሞም ንኽመልሱዎ ፍቓድ ሓቲቶም። የግዳስ፡ ንኽወጽእ ናይ ክፍሊ እሚግረሽን ፍቓድ ክረክብ ኣይክኣለን። ኣብ መወዳእታ ህግደፋውያን ንጋዜጠኛ ዓብዳላ ዓብዱራሕማን እናተሰቐየ ህይወቱ ንኽሓልፍ ፈሪዶሞ።

2. ብ16 ለካቲት 1979 ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ብቛንቋ ዓፋር ንኽትጅምር ናይ university ናይ ራብዓይ ዓመት ትምህርቱ ኣቋሪጹ ንሜዳ ንኽስለፈ ዝወረድ ማሕሙድ ጃባራ፡ ሎሚ ኣበይ ኣሎ ኢልና እንተ ሓቲትና እውን  እቲ ንረኽቦ መልሲ ንኹሉ ሰብ ጋን ዝገብር መልሲ'ዩ። ማሕሙድ ጃባራ ካብ ምዉታትን እሱራትን ዘይፈልዮ ህይወት እዩ ዘሕልፍ ዘሎ። ንልዕሊ 15 ዓመት ካብ ስራሕ ደስኪሉ ኣደዳ ሕማምን ብስጭትን ኰይኑ ይርከብ ኣሎ።

3. ኣብዘን ተኸታተልቲ ዓመታት ዳይረክተር ክፍሊ ራድዮ ዓፋር ኰይኑ ከገልግል ዝጸነሐ፡ ሳልሕ መሓመድ ዑመር እውን ዕጫ ናይ ምድስካል ካብ ዝበጽሖ ሓደ ዓመት ኣቑጺሩ ይርከብ። ተኻታተልትን ተንተንትን ራድዮ ዓፋር ከም ዝሕብርዎ ካዳ (ዓቢ) ሳልሕ እውን ኣሰር ማሕሙድ ጃባራ ከይሰዓብ ከምዘይተርፍ ብዓውታ ይገልጹ።

እዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ፍጻሜታት ካብቲ ብዙሕ ውሑድ ኣብነትታት እየን። ኣብ ልዕሊ ክፍሊ ዜና ቋንቋ ዓፋር ካብ ዝተመደቡ ንጹሃት ዜጋታት ዝተፈጸመ ገበናት ስርዓት ኢሳይያስ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ እዩ። ካብዚ ብዘይ ፍለ ክዝረበሉ ዝግባእ ፍጻሜታት ነይሩ። ግን ድማ ሞያዊ ሓላፍነትን ስነ-ምግባርን ዘሰከመና ግዴታን  ሓላፍነት ስለዘሎ ንኽይንዛረበሉ ንግዜኡ ወንዝፍናዮ ኣለና።

ዳንካልያ ማእከል ስሕበት ናይ ዝተረፉ ዓፋር (ጀቡቲን ኢትዮጵያን) ክተከውን ዘይኮነት፥ ንነብሳ ንዝነብሩላ ዜጋታት ኤርትራ እስተ-ጎመራዊ ሓዊ እትልብልበምን፡ እናረኣዩዎ ድራር-እለቶም ዝተሓረሞም ርስንቲ መቕሎ ኰይና 'ላ። እዚ ድማ ስርዓት ኢሳይያስ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ዓዱ ገዲፉ ንኽስደድ ካብ ዘተኣታተዎ ሜላታት ብፍሉይ ኣብ ዳንካሊያ ብርቀትን ውሕሉል ኣገባባትን ዝተፈጸመ ምዃኑ እዩ። ብተመሳሰሊ መንገዲ ፣እዚ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ጋዜጠኛታት ክፍሊ ፕሮግራም ዓፋር፡ ንምጽናቶምን ብዘርኣይዎ ብልሕን፡ ብዘበርክትዎ ስራሕን  ተሓብኖም ርእሶም  ኣልዕሎም ንኽይከዱ ሽርሒታት ምህዞምሎም።  እዚ ክልተኡ ፍጻሜታት ተነጻጽሎም ዘይረኣዩ ዝመስሉ ግን ንሓደ ሸቶ ንምውቃዕ ዝተሃደሰ ውዲት ምዃኑ ደሕሩ ዝበጻሕናዮ ገምጋምና የነጽር።

እዚ ኣብ ልዕሊ ምኩራትን ምሁራት ጋዜተኛታትን ክፍሊ ዜና ዓፋር መድረኻቱ እናተሓለወ ናይ ዝተገብረ ምልቃም ኣዚዩ ይሕዝነና። እዘም ኩሎም ጋዜተኛታት ኤርትራ ኣብ ሚ/ዜና ተመድቦም ክሰርሑ ዝጸነሑ በቲ ስርዓት ስጒምቲ ዝተወስደሎም ድማ፡ ንሳቶም ዝፈጸምዎ ገበን ዘይኮነስ፡ እቲ ስርዓት ካብ ነዊሕ ዓመትታት ዝተኣተኣተዎ ሰበይ-ሰብካን ጒጅለኣዊ ረብሓን፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ምስ ሃገራዊ ኣተሓሳስባታት ዝጻረር ጥሩፍ፡ ዓሌታውን ሃይማነታውን ኣውራጃውን ኣካይዳ ዝተኸተለ'ዩ።

ሰውኣትና በጃ ነዛ ሃገር ዝሓለፉላ ፣ ንህዝብና ብቋንቋን ዓሌትን ኣውራጃ,,,,,ወዘተ ከፋፍልና ፋሕ ጭንግራሕ ክንእተወሎም ኣይነበረ ሕድሮም፣ ስለዚ ንገባቲ ስርዓት ህግድፍ ነመሓላለፉ መልእኽቲ እንተ

ኣሎ “ሕድሪ ሰማእታት” ዓመት መጸት ሸምዓ ምውላዕን ንኣደታት ምብካይን ወይ ምቁዛምን ገድፍኩም ንህዝቢና ብሓርነትን ስኒትን ስላምን ብልጽግና ዝነብርሉ ባይታ ምጥጣሕ ይኹን ግደኹም ።

ኣብ መወዳእታ ክንብሎ ንደሊ እንተ-ሃሊዩ ድማ፡ ምምዕዳው ኲርስን ስልጣንን ዲክታተር ኢሳይያስ ጥራሕ ቀዳማይ ኣማራጺ ከይወሰድና፡ ምድሓን ሃገርን ህዝብን ንዓና ንኹልና ኤርትራውያን ዝጽበየና ከምዘሎ ጽኑዕ ሓላፍነት ምዃኑ ምግንዛብና ኣገዳሲ’ዩ። ኣብ መንጎና ንዘለዉ ደቀቕቲ መፈላለዪ ነጥብታት ንጎድኒ ገዲፍና፡ ብሓባር ተቓሊስና፡ ነዚ ጨቋኒ ስርዓት ኣሊና፡ ህዝባዊ ትካላት ተኺልና፡ ሃገራዊ ሃብትና ብሓባር ተቛዲስና እንነብረላ ሃገር ኣብ ምምስራት ከነድህብ ይግባእ።

ፍትሒ ነቶም ብዘይ ኣበሳን ፍርድን ኣብ መዳጎኒታት ተመቑሖም ዘለዉ ዜጋታትና!!

ምንጪ፣ **Dillibo insight,** 2020-09-17